እስጢፋኖስ ኣጠቃላይ የማሽነሪ ኣገልግሎት ሓ/ዝተ/ው/ማሕበር ናይ ትካልና ንብረት ዝኾነ 05/ሓሙሽተ/ ሳብመርሲብል ፓምፕ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።እዚ ዝተጠቕሰ ኣቁሑት ኣብ ትካልና ውሽጢ ዝርከብ እንትኾን ተጫረቲ እዚ ዝስዕብ መምርሒ ክኽተሉ ኣለዎም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 26, 2016 (ልዕሊ 3 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 12, 2016 11:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 12, 2016 3:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ናይ ሳብመርሲብል ፓምፕ ግልፂ ጨረታ ምልክታ

1. እዚ ጨረታ ካብ ሕዳር 28/03/2016 ዓ.ም ከሳብ ታሕሳስ 11/04/2016 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሕ እንትኾን ታሕሳስ 11/04/2016 ድሕሪ ቐትሪ 11:30 ይዕፆ። እዚ ጨረታ ተጫረቲ ባዕልቶም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ታሕሳስ 12/04/2016 ዓ.ም ንጉሆ ሰዓት 3:00 ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 05 ይኽፈት።

2. ተጫረቲ ናይቲ ሳብ መርሲብል ፓምፕ ዝርዝር መረዳእታ ዝገልፅ ናይ ጨረታ መቕረቢ ሰነድ ካብ ትካልና ቢሮ ቁፅሪ 05 ኣብ ስራሕ ሰዓት ብኣካል መፅዮም ምውሳድ ይኽእሉ። በተወሳኺ ነቲ ሳብ መርሲብል ፓምፕ ብኣካል ምርኣይ የድሊ።

3.ተጫረቲ ናይ 2015/2016 ዓ.ም ንግዲ ፍቓድ ዘሐደሱን ቫት ዝተመዝገቡን ኮይኖም ነቲ ሳብመርሲብል ፓምፕ ንምግዛእ ዘቕርብዎ ናይ መወዳደሪ ዋጋ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ቫት ሰርቲፊኬት ዘካተተ፤ስም ትካሎም ፊርማኦም ኣድራሻኦምን ብምጥቃስ ብዝተዓሸገ ፖስታ ከቕርቡ ኣለዎም።

4. ኣብዚ ጨረታ ክሳተፉ ዝደልዩ ተጫረቲ ጨረታ መኽበሪ ናይቲ ዘቕረብዎ ዋጋ 5% /ሓሙሽተ ሚኢታዊ/ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ/CPO/ ብሽም ትካልና ከትሕዙ ኣለዎም። ብተወሳኺ ኣብ ናይ ተጫረቲ ዋጋ ብምድራኽ ምጭራት ኣይከኣልን።

5. ኣብቲ ጨረታ ዝሐሸ ዋጋ ዘቕረቡ ተወዳደርቲ እዚ ጨረታ ካብ ዝተኽፈተሉ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ዘለዉ 3 ናይ ስራሕ መዓልታት ብር 10%/ ዓሰርተ ሚኢታዊ/ በባንኪ ዘተረጋገፀ ናይ ውዕል መኽበሪ /ፐርፎርማንስ ቦንድ/ ብትካልና ስም ብምትሓዝ ናይ ግዝኢት ውዕሊ ስምምነት ምስ ፈፀሙ ኣቐዲሞ ዘትሓዝዎ ናይ ጨረታ መኽበሪ 5%/ሓሙሽተ ሚኢታዊ/ ሲፒኦ ሽዑ ንሽዑ ይልቀቕሎም ።

6. ነቲ ሳብ መርሲብል ፓምፕ ዝግዝእ ስም ኣብ ቃለጉባኤ እንተሰፊሩ ስም ምቕያር ኣይከኣልን።

8. እቲ ጨረታ ሰዓራይ ተጫሪቱ ዝገዝኦ ሳብመርሲብል ፓምፕ ናይ ግዝኢት ስምምዕነት ውዕሊ ካብ ዝተፈፀመሉ ዕለት ጀሚሩ ናይቲ ዝሰዓሮ ኣቕሓ ሙሉ ዋጋ ብምኽፋል ኣብ 06 ተከታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ውሽጢ ኣልዒሎም ክወስዱ ዘለዎም ኮይኑ እንተዘይኣልዒሎም ግና ዘትሓዝዎ ናይ ውዕሊ መኽበሪ/ ፐርፎርማንስ ቦንድ/ ንትካልና ኣታዊ ኮይኑ እቲ ሳብ መርሲብል ፓምፕ ብድጋሚ ንጨረታ ይቐርብ።

9. ትካልና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ በሙሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle